# ንዳህሳስ/መጽናዕቲ ናይ ተመሃራይ ዝምልከት ንወለድን ሕጋውያን መጕዚታትን ዘገልግል ሓበሬታ

**ዕላማ ናይ'ቲ ናይ ተመሃራይ ዳህሳስ/መጽናዕቲ እንታይ እዩ?**
እዚ ዳህሳስ/መጽናዕቲ ናይ ተመሃራይ ንተመሃሮ ብዛዕባ መስርሕ ምምሃርን ሓፈሻዊ ጥዕና ቤት ትምህርቶምን ርእይቶ ንኸቕርቡ ዕድል ዝፈጥር እዩ። ቤት ትምህርትታት፣ ወነንቲ ቤት ትምህርትን ሃገራውያን ትካላት በዓል መዚ ትምህርትን፣ ነቶም እትህብዎም መልስታት ይዕቅብዎም፣ ከምኡውን ነቲ ቤት ትምህርቲ ኰነ ንሃዋህው መስርሕ ምስትምሃር ንምምርማርን ንምምዕባልን ይጥቀሙሎም። እቲ ብመልክዕ ዳህሳስ/መጽናዕቲ ዝእከብ ውህሉል ሓበሬታ ኣብ መዓላ ምርምር ክውዕል ይኽእል እዩ፤ እቶም ተመራመርቲ እውን ዘይተመስርሐ ውህሉል ሓበሬታ ናይ'ዚ ዳህሳስ ንኽወሃቦም ሕቶ ከቕርቡ ይኽእሉ እዮም። ገለ ካብቶም ውጽኢታት ናይ'ቲ ዳህሳስ/መጽናዕቲ ድማ ኣብ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ ናይ "ሳይበራዊ ቅርዓት ቤት ትምህርቲ" ማለት ኣብ skoleporten.udir.no ይሕተም።

**እቲ ዳህሳስ/መጽናዕቲ ናይ ተመሃሮ ብኸመይ እዩ ዝሰላሰል?**

ተመሃሮ ነቲ መሕትት ዳህሳስ/መጽናዕቲ ናይ ተመሃራይ ኣብ ወቕቲ ጽድያ ወይ ቀውዒ ክመልእዎ ይኽእሉ። በዓል መዚ ምምሕዳር ከተማ፣ በዓል መዚ ከባቢን ኣብያተ ትምህርትን፣ መሕትት ዳህሳስ/መጽናዕቲ ናይ ተመሃራይ ኣብ እዋን ክፍለ ዓመተ ትምህርቲ ናይ ቀውዒ ክመልኣኦ ይግባእ። ነቲ ዳህሳስ/መጽናዕቲ ኣብ እዋን ክፍለ ዓመተ ትምህርቲ ናይ ቀውዒ ከካይዳኦ ዝደልያ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ብወለንታኣአን ክገብራ ይኽእላ እየን።

እቲ ዳህሳስ/መጽናዕቲ ናይ ተመሃራይ፣ ምሉእ ብምሉእ ወለንታዊ እዩ ንተመሃሮ ኣብ ወቕቲ ቀውዕን ጽድያን። ተመሃሮ ንቕጥዒ ናይ'ቲ ዳህሳስ/መጽናዕቲ ናይ ተመሃራይ ክመልእዎ ድሕሪ ምጅማሮም፣ ክምልስዎም ንዘይደለዩ ሕቶታት ክሰግርዎም ይኽእሉ እዮም።

**ውሕስነት ውልቃዊ ሓበሬታን ግቡእ ምምስራሕ ውህሉል ሓበሬታን**
እቶም ተማሃሮ ኣብ ቅጥዒ ዳህሳስ/መጽናዕቲ ናይ ተመሃራይ ሕቶታት ምስመለሱ ብዛዕባ ተመሃሮ ውልቃዊ ሓበሬታ ይዕቀብ እዩ። ዳይሬክቶረይት ትምህርትን ስልጠናን ኖርወይ፣ ነቲ ብመገዲ ዳህሳስ/መጽናዕቲ ናይ ተመሃራይ ዝተኣከበ ንተማሃሮ ዝምልከት ውልቃዊ ሓበሬታ፣ ብመሰረት ነቲ ጉዳይ ዝምልከቱ ሕጋጋት ውሕስነት ውህሉል ሓበሬታ ብዝግባእ ከምዝምስራሕ ናይ ምግባር ሓላፍነት ይስከም። Conexus ንዳይሬክቶረይት ትምህርትን ስልጠናን ኖርወይ ብምውካል ቴክኒካዊ ትግባረ ዳህሳስ/መጽናዕቲ ናይ ምርግጋጽ ሓላፍነት ይስከም፤ በቶም ንውሕስነት ውልቃዊ ሓበሬታ ዝምልከቱ ልሙዳት ሕጋጋት እውን የተግብር። ትካል Conexus ውጽኢታት ዳህሳስ/መጽናዕቲ ናይ ተመሃሮ ዘይተመስርሐ ሓበሬታ እውን ዘጠቓልል፣ ኣብ ምጥላብ፣ ምእካብን ምርኣይን ዝጥቀመሉ ሳይበራዊ ቅርዓት የስርሕ። እዚ ሳይበራዊ ቅርዓት መእተዊ ስምን ኮድ ይሕለፍን ዝሓትት እዩ።

ውጽኢታት ናይ'ቲ ዳህሳስ/መጽናዕቲ ናይ ተማሃራይ፣ ምስ ወሃብቲ መልሲ ብቐጥታ ክተኣሳሰሩ ዝኽእሉ ኣይኰኑን። ተማሃሮ ኣስማቶም ኣይህቡን እዮም፣ ቍጽርታት መለለዪ መንነት ወረቓቕቶም እውን ምስ መልስታቶም ኣይተኣሳሰሩን እዮም። ነዚ ቅጥዒ መሕትት ዳህሳስ/መጽናዕቲ ምስመልእዎ፣ እቲ ኣብ ሞንጎ እቲ ንተማሃራይ ዝተዋህበ መእተዊ ኮድን እቶም ዝተዋህቡ መልስታትን ዝጸንሐ ምትእስሳር ይስበር እዩ። እዚ ድማ ነቲ ቅጥዒ መሕትት ዳህሳስ/መጽናዕቲ መን እንታይ ከምዝመለሰ ንምፍላጥ ኣዝዩ ኣጸጋሚ ይገብሮ። ይኹን'ምበር፣ ኣብ ገለ ፍሉያት ጉዳያት፣ ክለሰ ሓሳባዊ ተኽእሎ ክህሉ ይኽእል እዩ ገለ ሰብ ነቶም መልስታትኩም ንኸለልዮም(ዘይቀጥታዊ ተለላዪነት)፣ ንኣብነት፣ ኣብ ነኣሽቱ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ገለ ሰባት ፍልጠት ድሕረ ባይታ ናይ'ቶም ነቲ ዳህሳስ/መጽናዕቲ መልሲ ዝሃቡ ሰባት ክህልዎም ይኽእል እዩ። ስለዚ፣ ንውጽኢትታት ናይ'ቶም መጽናዕትታት ኣብ ምርኣይ እነተግብሮም ጽንኩራት ሕጋጋት ኣለዉና። እዚ ድማ ንኣብያተ ትምህርቲ፣ ንወነንቲ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ከምኡ'ውን ንሃገራውያን በዓል መዚ ትምህርቲ ይምልከት። ንገለ ውጽኢታት ብምኽዋል፣ እቶም እትህብዎም መልስታት ብኻልእ ሰብ ብዘይቀጥታዊ መገዲ ንኽልለዩ ዘሎ ተኽእሎ ምእንቲ ዝተሓተ ክኸውን፣ ፍሉያት ሕጋጋት (ምኽዋል ተለላዪነት መንነት) ኣተግቢርና ኣለና። እቲ ብመገዲ እዚ ዳህሳስ/መጽናዕቲ ኣቢሉ ዝእከብ ውህሉል ሓበሬታ፣ እቶም ዝሃብኩሞም መልስታት ክልለዩ ብዝኽእሉሎም መልክዕ ናብ ሓፋሽ ኣይክዝርጋሕን እዩ።

ንተመራመርቲ ውህሉል ሓበሬታ ኣብ እንህበሎም እዋናት ነቶም ዳይሬክቶረይት ትምህርትን ስልጠናን ኖርወይ ዘቑሞም ንምስርሐን ውሕስነትን ውህሉል ሓበሬታ ዝምልከቱ ሕጋጋት ከተግብሩ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ሰነድ ስምምዕ ዘይምቅላዕ ናይ ሓበሬታ ክኸትሙ ይግባእ።

**ሕጋዊ ባይታ ምስርሐ ናይ ውህሉል ሓበሬታ**
ሕጋዊ ባይታ ምስርሐ ናይ'ቲ ምስ ዳህሳስ/መጽናዕቲ ዝተኣኣሰር ውህሉል ሓበሬታ፣ ኣብ ሓፈሻዊ ሕጊ ውሕስነት ውህሉል ሓበሬታ (GDPR)፣ ዓንቀጽ 6(1)(e) ከምኡ'ውን ዓንቀጽ 9(2)(g)፣ ዝምርኮስ እዩ። እዚ ድማ ኣብ ክፍሊ 2-3 ናይ መምርሒታት ሕጊ ትምህርቲ [*forskrift til opplæringsloven*]፣ ከምኡ'ውን ኣብ ክፍሊ 2-3 ናይ መምርሒታት ሕጊ ናይ ግሊ ቤት ትምህርቲ [*forskrift til friskoleloven*] ዝምርኮስ ተወሳኺ ሃገራዊ ስነ ሕጋዊ ተመርኳስነት ዘለዎ እዩ።

**ዝኾነ ይኹን ሕቶ ኣለኩም ዶ?**
ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ብኽብረኩም ነቲ ቤት ትምህርቲ ተወከሱዎ። ኣብ'ዚ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ እዚ www.udir.no/undersokelser (ብቋንቋ ነርወይ ጥራይ) ድማ ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ'ቲ ዳህሳስ/መጽናዕቲ ንዘተኰረ ጉዳይ ውሕስነት ውህሉል ሓበሬታ ብዝምልከት ዝኾነ ይኹን ሕቶ እንተሃልዩኩም፣ ብኽብረትኩም ኣብ ዳይሬክቶረይት ትምህርትን ስልጠናን ኖርወይ ንዘርከብ በዓል ሞያ ውሕስነት ውህሉል ሓበሬታ ብኢመይል personvernombud@udir.no ርኸብዎ።
ምስ ዳህሳስ/መጽናዕቲ ናይ ነኣሽቱ ተመሃሮ ብዝተኣሳሰር ኣብ ልዕሊ ኣገባብ ኣተሓሕዛ ጉዳይ ምስርሐ ውህሉል ሓበሬታ ናይ ዳይሬክቶረይት ትምህርትን ስልጠናን ኖርወይ ዝኾነ ይኹን ጥርዓን ከተቕርቡ እንተደሊኹም፣ ብኽብረትኩም ንበዓል መዚ ውሕስነት ሓበሬታ ኖርወይ ተወከሱ። ኣብ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ ናይ በዓል መዚ ውሕስነት ሓበሬታ ኖርወይ https://www.datatilsynet.no/om-datatilsynet/kontakt-oss/hvordan-kan-jeg-klage-til-datatilsynet/ (ብቋንቋ ኖርወይ ጥራይ) ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣድራሻ ዳይሬክቶረይት ትምህርትን ስልጠናን ኖርወይ፡-

**ናይ ፖስታ ኣድራሻ፡-** PO Box 9359 Grønland, NO-0135 OSLO, NORWAY

**ቍ ተሌፎን፡-** +47 23 30 12 00

**ኢመይል፡-** post@udir.no

**ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ፡-** www.udir.no